ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን ም.ማ.

المجلس الوطني لل الاريتريين في ألمانيا

ZENTRALRAT DER ERITREER IN DEUTSCHLAND e.V.

Unser Zeichen: ZRED e.V.00432/2020

E. Mail: zred.zent@gmail.de

Datum: Wiesbaden, den 20.12.2020

**ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን ብጾት ብሓበራ፥**

ብኣጋጣሚ በዓል ልደት 2020 ን ሓድሽ ዓመት 2021 ዝስዕብ መልኽቲ ዮሃና ንኹሎም ምእመና ክርስትናን ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ከመሓላልፍ ኣፍቒዱለይ።

ዓመተ 2020 ክትውዳእ መዓልታት እንዳ ተቓረበ ከመጽእ እንከሎ እዚ ዓመት እዚ ከመይ ከምዝሓለፈ ንድሕሪት ተመሊስና ብሓጺር ክንዝክር ንግደድ።

እዛ ብሓፈሻ ንኹሉ ፍጡር ሰብ ኣብ ዓለምና ብፍላይ ድማ ንዓና **በዳሂት ዓመት** ክንግምግም እንኮሎና ዝስዕብ ክንብል ወይ ክነልዕል ይግባእ።

ካብ መወዳእታ ወርሒ ሰለስተ ኣትሒዙ ዓለምና ብሕማም ኮረና ቫይረስ ተለቢዳ ዛጊት ኣብ ከቢድን ሓደገኛን ኩነታት ንርከብ ኣሎና። እዚ ለበዳ ቫይረስ ወይ ከኣ ፓንደሚ ኮቪድ 19 ነዘን እንነብረለን ዘለና ምዕቡላት ሃገራት ካይተረፈ እውን ኣብ ከቢድ ቁጠባውን ማሕበራውን ቅልውላው ኣእቲወን ከምዘለዉ ንዕዘብን ንከታተልን ኣሎና።

ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ጀርመን ብዝገበሮ ሓያል፣ ውሁዱ፣ ቃልሲ፣ ጥርናፈን ተበግሶን ከኣ፡ ነዚ ኩነት እዚ ብኣዝዩ ዝናኣድን ዘገርምን ተወፋይነት ሃገራዊ ሓላፍነቱ ደጊሙ ዘረጋገጸሉን፡ ነቶ ጠፊኡ ደኺሙ ኢሎም ዘባጭዉሉ ዝነበሩ ተጻባእቲ ድማ ዘባህርር ግብረ መልሲ ዘርኣየሉን ዝሃበሉን ዓመት እያ ነይራ ኢልካ ከዝረብ ይከኣል። በዚ ኣጋጣሚ እዚ ነቲ ፕሮጀክት ኮቪድ 19 ጀርመን ዕዉት ንኽኸውን ንልዕሊ ሹዱሽተን ንላዕልን ኣዋርሕ ዝጻዓርኩም፣ ዝጠርነፍኩምን ዝኣለኹምን፣ ንኣረጋውያን ጽጉማትን ዜጋታትና ኣብ ምትሕግጋዝን ካልእን እትነጥፉ ዝነበርኩም ብጾት ድማ ሉዑል ሃገራውን ብጻያውን ምስጋና ይብጻሕኩም።

ዓመተ ክልተ ሽሕን ዕስራን ጥርናፈ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ደገ ደጊማ ዘረጋገጸት ዓመት ጥራይ ዘይኮነት፡ ነቲ ንከባቢ ዒስራ ዓመታት ዘርእናን መንነትናን ከህስስ ዝቃለስ ዝነበረ ጃንዳ ወያነ እውን ነበራያ ነበረ ዘበለት ዓመት ቅያ እያ።

2021 ድማ ከም ወትሩ ከይተዛነና ቅልጽምና ኣሕቢርና ነቲ ቀንዲ ጸላኢና ጥምየትን ድኽነትን ክንቃለስ ለበዋ ዘድልዮ ኣይኮነን።

ኣብ መወዳእታ ነዚ ኩነታትን ግዜን ብዝመጠነን ሓላፍነታዊ ኣካይዳ እንዳተጠቕምና በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን ምስ ስድራ ቤትናን ፈተውትናን ከነሕልፍ ብትሕትና ይላቦ።

**ርሑስ በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን!**

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!

ዓወት ንሓፋሽ!

ዶ/ር ተስፋይ ዓብለሎም

ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን ጀርመን